# ምስክርነት ዕረፍቲ ሓዋርያ ማርቆስ

www.debresahl.com

1. ናይ ቅዱስ ማርቆስ ካልአይ ንእስክንድርያ ምምላሱ ዝስምዑ መምለኽቲ ጣዖት ጊዜም ናብ መንገዲ ከም ሰራዉ አንስሥዎ።መሊሶም ድማ ናብ ቤት ማእሠርቲ አእተውዎ። እንተኾነ አብቲ ቤት ማእሠሪቲ መልአከ እግዚአብሔር እንድዳመጸ የፀናንዖ ነበረ። ግሓ.12፥7። እቶም ከሰስቱ ድማ ከም እንደገና ካብ ቤት ማእሠሪት አዉጺኦም አብ መንገዲ ጓሰስዎ።

2. ብድኅርዚ ደሙ ወዲኡ አዕረፈ። እቶም ዝጓሰስዎ ዝነበሩ ሙማቱ ምስ ፈለጡ ከአ ምእመናን መጺኦም መታን ከይቀብርዎ (አሠሩ ከይርከብ) ሓዊ ነንድዖ ኢሎም መደቡ ምስ አዉጽኡ፥ ንግዚኡ በታ ዝዓረፈላ ዕለት ወጊሓ ክሳብ እትዓርብ ብርቱዕ ቁርን በረድን ነጉድን ክወርድ ወዓለ።

3. በቲ ዝወረደ መዓት ድማ ብዙኅት ዓበይቲ ዓዲ ሞቱ፥ እቶም ካብ ሞት ዝተረፉ ከአ ተበታቲኖም ጠፍኡ። እዚ ኩሉ መንክራት ክግበር ከሎ፥ ብወሰን ኮይኖም ዝሪእዩ ዝነበሩ ምእምመናን ግን ንሥጋ ቅዱስ ማርቆስ ግቡእ ጸሎት ጌሮም ብንጹ ዓለባ ገኒዞም አብ ምብራቕ እታ ዓዲ ቀበርዎ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን፥ አሜን።

ሰላም ለማርቆስ ለማርያም ዕጓላ።
ዘስሓብዎ በሓብል ዉስተ ዐፀደ ላሕም ከመዳቤላ።
አመ አዉዕዮቶ ፈቀዱ ለእሳት በነበልባላ።
ዝናም ወአስሓትያ አጥፍኡ ማዕበላ።
ወመብረቀኒ ለሥጋሁ ከለላ።

ሰንክሳር 30 ሚያዝያ ተመልከት።